# “ተኾስካ ቅተል” ብዝብል ኣረሜናዊ መምርሒ ህይወቶም ዝሓለፈ 4 ንጹሃት መንእሰያት

ክፍሊ ዜናን ባህልን
ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
11.02.2009

ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኤርትራ፡ “ክሃድም ንዝረኸብክምዎ ተ`ኾስኩም ቅተሉ” ዝብል ፍቓድ ንወተሃደራቱ ካብ ዝህብ ነዊሕ እዋን ኰይኑ ኢዩ። ከም ሳዕቤኑ ከኣ፡ ብዙሓት ኤርትራውያን፡ ካብ ኤርትራ ናብ ጐረባብቲ ሃገራት ክሰግሩ እንክለዉ ተቐቲሎም ኢዮም። ሓደ ካብ'ዚ ኣስካሕካሒ ተግባር ድማ፡ እቲ ብ24-25 ታሕሳስ 2008 ኣብ መረብ ኣብ ዝርከብ እንዳ ኣዝማች ዑቕቢት ኣብ ዝተባህለ፡ ኣብ ከባቢ ደምበ እንዳ ሰቓል ዝርከብ ቦታ ዝተፈጸመ ኣረሜናዊ ተግባር ኢዩ።

ሽዱሽተ፡ ተወለድቲ ናይ'ቲ ከባቢ ዝኾኑ መንእሰያት፡ ከም ሰቦም ካብ'ቲ ኣብ ኤርትራ ሰፊኑ ዘሎ ሕሰምን መከራን ንምምላጥ ብለይቲ ናብ ኢትዮጵያ ኣብ ዝሰግርሉ ዝነበሩ እዋን፡ ወተሃደራት ናይ'ቲ ስርዓት ተኾሲ ይኸፍቱሎም። ሓሙሽተ ካብ'ቶም መንእሰያት ኣብ'ቲ ከባቢ ክሕብኡ እንክለዉ፡ እቲ ሻዱሻዮም ግን፡ ንሩባ መረብ ገጹ ይሃድም። እቶም ወተሃደራት፡ መብራህቲ ወሊዖም ኣብ'ቲ ከባቢ ጽዑቕ ለይታዊ ፍተሻ ኣብ ዝጀመርሉ እዋን፤ ሓደ ካብ'ቶም 5 ፈሪሑ፡ ነቶም ወተሃደራት ተዳህዩ ተሓቢኦምሉ ዘለዉ ቦታ ሓብሮም። እቶም ወተሃደራት ነቲ እቶም መንእሰያት ተሓቢኦምሉ ዝነበሩ ቦታታት ከቢቦም ብረቶም እናኣወጣወጡ ቀረብዎም። ብህይወቶም ድሕሪ ምሓዞም ድማ፡ ናይ ተመሃሮ መንነት ወረቐቶም ከቕርቡን ዓዶም ክሕብሩን ሓተትዎም። ብድሕር'ዚ፡ ኣብ ዘለውዎ ቦታ ደው ኢሎም እንክለዉ ብጥይት ዛሕዝሕዎም። ሞይቶም'ዶ ኣይመቱን ንምርግጋጽ 10 ደቓይቕ ድሕሪ ምጽባይ ድማ፡ ሬሳታቶም ኣዛብእ ከበልዕዎ ከይቀበርዎም ከዱ።

ሓደ ካብቶም 5 መንእሰያት፡ ኣብ እግሩ ተወቒዑ፡ ኣብ ትሕቲ ሬሳታት ናይ'ቶም 4 ብጾቱ ተጸቒጡ፡ ትንፋሱ ሓቢኡ ህይወቱ ከድሕንን፤ ኣብ ኢትዮጵያ ሰጊሩ ኣብ መደበር ስደተኛታት ክኣቱን፡ ነዚ ኣረሜናዊ ተግባር'ዚ ከቃልዕን ዝበቕዐ መንእሰይ ድማ፡ ተኽስተ ወልዳይ ይብሃል። ዝርዝር ኣስማትን ዓድን ናይ'ዞም ሓሙሽተ መንእሰያት ከም'ዚ ዝስዕብ ኢዩ።

| ስም | ዓዲ | ወረዳ | ምልክታ |
|---|---|---|---|
| 1. ጐይትኦም ሰለሙን | ዓዲ ቈራይ | እንዳኣዝማቹ ዑቕቢት | ብጥይት ተቀቲሉ |
| 2. ኪሮስ ሃይለ | ዓዲ ሓብር | እንዳኣዝማቹ ዑቕቢት | ብጥይት ተቀቲሉ |
| 3. ኪዳነ ደበሳይ | ዓዲ ሓብር | እንዳኣዝማቹ ዑቕቢት | ብጥይት ተቀቲሉ |
| 4.መንግስቱ ወልደገርጊስ | ዓዲ የሕዱግ | እንዳኣዝማቹ ዑቕቢት | ብጥይት ተቀቲሉ |
| 5. ተኽስተ ወልዳይ | ዓዲ ሓብር | እንዳኣዝማቹ ዑቕቢት | ተወጊኡ ድሒኑ |

እቶም 4 መንእሰያት ኣብ ዓዶም፡ ኣብ'ቲ ዝዓበየሉ፡ ዝሓርስሉን ከብቶም ዝጓስይሉን ቦታ ኢዮም ተቐቲሎም። ኣብ'ዚ ቦታ'ዚ ተረፍ ኣዛብእ ዝኾኑ ኣካላት ወዲ ሰብ ብብዝሒ ከም ዝርከብ ተቐማጦ ናይ'ቲ ከባቢ ይሕብሩ። ብዙሓት ተወለድቲ ዓዲ ፈያዩ፡ ዓዲ ባሕሮ፡ ዓዲ ዘይኑ፡ ጋዕቤን፡ ዑና ጋዕቤን፡ ቤት ገብርኤል፡ ዓዲ ይሕዱግ፡ ዓዲ ኳላ፡ ዓዲ ሽንፍኡ፡ ከምኡ ውን ወረዳ ዓይላ ጐንደትን ዝኾኑ መንእሰያት ኣብ ማእከላይ መረብ ኣብ ዝርከብ ወረዳ እንዳ ኣዝማች ዑቕቢት ከምዝጠፍኡ ምንጪታትና የረጋግጹ።
ኣብ ርእስ'ዚ፡ ቅድሚ'ዚ ተረኽቦ ክልተ ቅነ ኣቢሉ ይኸውን፡ ቀልኣብ ዓንደ ገብረሂወት ካብ ዓዲ ኣብርሃም፡ ወረዳ እንዳ ኣዝማች ዑቕቢት ምስ ካልኦት መንነቶም ጌና ዘይተፈልጠ ብጾቱ ከም እተቐትለ እቶም ምንጪታት ይሕብሩ።